# መደረ ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ ኣብ መበል 81 ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት



**ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን**

**ክቡር ዶክተር ካሊሉር ራሕማን፡ ፕረዚደንት መበል 81 መጋባእያ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕ.ሃ.፣**

**ክቡር ኣንቶንዮ ጉተረዝ፡ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት፣**

**ክቡራን መራሕቲ ልኡኻት፣**

ዓመት-ዓመት፡ ኣብ ከም'ዚ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ኣእምሮ ቅጅል ዝብል ሕቶታት፡ ... እንታይ ክበሃል'ዩ? ... ዓመት ድሕሪ ዓመት ናይ ዝመጸ ምዕባለታት ምጽብጻብ ድዩ? ... ከም ዝኾነ ድግስ፡ ናይ ህዝባዊ ርክባት ድርሳን ምስማዕ ድዩ? ... ዓመት-ዓመት ቀጻልነት ዘለዎ ስሩዕ ኣጀንዳታት ኣሎ ድዩ? ... እቲ መቓን (contex) እንታይ'ዩ? ... ተልእኾ ናይቲ መጋባእያ እንታይ'ዩ? ... መለክዒ ገስጋስ እንታይ'ዩ? ...ወዘተ ...ወዘተ።

ኣብ ዝሓለፈ መጋባእያታት፡ ኪኖ ምጥቃስ ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታ ሕቡራት ሃገራት፡ ነዚ ኣህገራዊ ውድብ ንምፍጣር ዝድርኸ፡ ሃንቀውታ ህዝብታት ንሰላምን ዕብየትን ራህዋን፡ .... ነቲ ሃንቀውታ ዝንቀለ ቀዳማይ ብደሆ (ቁጠባዊ በደል/injustice)፡ .... ዕላማታት ህላወ ኣህጉራዊ ውድብ? ... ቅርጺ ወይ መዋቕር? … ብኸምዚ ዝስዕብ ቅርጸ-መቓን (framework) ቀሪቡ ነይሩ።

- ቀንዲን ቀዳማይን ብድሆ ደቂ-ሰብ ቁጠባዊ በደል ኲይኑ፡ ሃብቲ ምፍጣርን ምኽዕባትን ብዓቢኡ፣ ብልክዕነት ከኣ፡ ምቕርሐ ሃብቲን እቶትን እዩ። እቲ በደል፡ ሰባት ብምሉእ ሓርነት ሃብቲ ናይ ምፍጣርን ምኽዕባትን ኣኽኣሊ (enabling) ዕድልን መሰልን ስለ ዝንፈጎም፣ በቲ ሓደ ወገን ድማ ንዝርካቡ ዝፈጠርዎ ሃብቲ ርትዓዊ ናይ ምቕርሐ መሰልን ዕድልን ስለ ዝምንጥሎም'ዩ። ስለዚ ከኣ'ዩ፡ ህሉው ዓለማዊ ስርዓት፡ "ስርዓት ባዶ ድምር" ዝኸውንን ዝበሃልን። ደቂ-ሰብ  ካብ "ስርዓት ባዶ ድምር" ክወጹን፣ ሓድሽ ናይ ፍትሕን ርትዕን ስርዓት ከምጽኡን ክቃለሱን ከኣ፡ መባእታዊ፡ ውልቃውን ሓባራውን መሰሎም ይኸውን።

- ➢ እቲ ተልእኾ ናይቲ ቃልሲ ብቐሊሉ፣
    - ✓ ሰባት ቁጠባዊ ጸጋታቶምን ምህርቲ ዕዮኦምን፡ ብርትዓዊ ኣገባብ ወኒኖም፡ ሃብቲ እና'ኻዕበቱ ኣብ ዘላቒ ናይ ወለዶታት ዕብየትን ራህዋን ክንዓዙ፣
    - ✓ ራህዋን ዕብየትን ንምውሓስ፡ ሰላምን ርግኣትን ምንጋስ፣
    - ✓ ሰላምን ርግኣትን ንምንጋስ ከኣ፡ ርትዕን ፍትሕን ምርግጋጽ፣
    - ✓ ዝሰፍሐ - ዞባዊ ኮነ ዓለማዊ - ሰላምን ርግኣትን ሓባራዊ ዕብየትን ንምድራዕ ከኣ፡ ልዕልና ሕግን ሓድሕድ ምኽብባርን ምምልላእን ጥምረትን፣
    - ✓ ነዞም መባእታውያን መትከላት ወይ ክብርታት ሃንቀውታ ደቂ-ሰብ ዝእዝዘ ሕጋዊ ፈጽሚን (Commitment) ቅርጺን ኣሊያን ምትካል።
- ➢ ኣምር ናይ'ቲ ዝቐረበ ቅርጸ-መቓን (framework) ዘየከራኽር፡ ሓድሽ ምህዞ ዘይብሉ፡ ክሰፍሕን ኪህብትምን ዘለዎ ጉዳይ'ዩ።

ዓመት መጸ፡ ዓመት ከደ፡ ኪኖ ገስጋስ ምልካዕ፡ ኣርእስቲታት ምቅይያር ዝሓትት ኣይኮነን።

ካብ መበል 80 መጋባእያ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕብራት ሃገራት ንነጀው ተኸሲቶም ዘለዉ ምዕባለታት፡ ምስ ክውንነት ናይ'ዚ ኣህጉራዊ ውድብ፡ ብተዛማድነት ከም መምሃሪ ጥራይ ክረኣዩ እምበር፡ ንኣተኩሮ ህዝቢታት ዓለም ካብቲ ቀንዲ ተልእኾን ቃልስን ክዘንብዑ ኣይግባእን። ፕረዚደንት ትራምፕን ማጋኡን፡ ኪስዕብ ዝኽእል ኣንፈታትን ሓዋራዊ ኣሰራቱን፣ ኣብ ኢራን ተኸፊቱ ዘሎን ደው ኪብል ዘለዎን ኲናትን፣ ናቶን ኣብ መድረኽ ኡክራዩና ዝካየድ ዘሎ ናይ 'ድረታ' ኲናትን ደው ምባሉን፣ ዓለማዊ ክሊማዊ ምግልባጣትን ናይ ሓዋሩ መቆጻጸሪ ፍታሕን፣ ኣብቲ 'ጎደቦና' እንብሎ ንተፋሰስ ኒልን፡ ቀርኒ ኣፍሪቃን፡ ቀይሕ ባሕርን ወሽመጥን ዘጠቓልል፡ ህውከት ንምዝራእ ዝእወጅ ዘሎ ኲናትን ሸርሒታትን ምኽላፉን፣ ብስም 'ረድኤት' ዝካየዱ ኣልመስቲ ምትእትታዋትን ደው ምባሎምን፣ ገለ ካብ ተጠመትቲ ጉዳያት እዮም።

ካብኡ ናብኡ፡ ኣብቲ ናይ ዝምታን ዕብለላን ዓሎቕን ዓለማዊ 'ስርዓት ባዶ ድምር'፡ ቀንዲን ቀዳማይን ተበዳሊ ኣብ ቁጠባታት ዕንጋሎ ዝርከብ ህዝብታት ኣፍሪቃ ስለዝኾነ፡ ኣብ መኸተ ንፍትሕን ርትዕን፡ ብባህሪ ቅድም ዝሰራዕ ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ዝሰፍሐ ዓለምዊ መቓን ናይ ተልእኾታት እስትራተጂ ቀዩሱ፡ ልሙሳትን ዓንቀፍትን መዋቕራት ኣወጊዱ፡ ብዝለዓለ ጥምረትን ሓይልን ካብ ምቅላስ ካልእ ሕርያ የብሉን።

ሰናይ ትምኒት!

የቐንየለይ